# ሃይማኖትካ ተረዳእ



# ሃይማኖትካ ተረዳእ

መንፈሳዊ ምስጢር ዚገልጽ
ሓጺር ሕቶን መልስን

ብ
ሓልዮት ኣሜሪካዊት ወንጌላዊት ሚስዮን።

ብሄርበርት በርድ
ተዳለወ።

ግርማዊ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ ንጉሠ ነገሥት ዘኢትዮጵያ
ኣብ መበል ፴፮ ዘመኑ መንግሥት ብ፲፱፻፶፱ ዓ፡ም ተኀትመ

ቀዳማይ ሕታም።

For additional copies, write to:
L. John Grotenhuis
26900 SW 187 Avenue
Homestead, FL 33031

ኣብ ቤት ማኅተም ኮከበ ጽባሕ ናይ ማኅ. ሐዋ. ታኅትመ ።

# መንፈሳዊ ምስጢር ዚገልጽ

## ሓጺር ሕቶን መልስን።

ሕቶ 1 እቲ ቀንዲ ዕላማ ምንባር ናይ ሰብ እንታይ እዩ?

መልሲ ናይ ሰብ ምንባር ቀንዲ ዕላማ ኣምላኽ ምኽባርን፡ ንዘልኣለም ብእኡ ምሕጓስን እዩ።
መዝ. ፻፲፱ ፡ ፻፭-፻፮ ፤ ሮሜ ፲፭ ፡ ፬ ፤ ፩ይ ቆሮ. ፲ ፡ ፲፩ ።

ሕቶ 2 ኣምላኽ ከነኽብሮን ብእኡ ክንሕጐስን ከመይ ዝኣመሰለ መራሒ ስርዓት ሂቡና ኣሎ?

መልሲ እቲ ኣብ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ተጻሒፉ ዘሎ ቃል ኣምላኽ፡ ንእኡ ከነኽብሮን ብእኡ ክንሕጐስን ተዋሂቡና ዘሎ ምምራሒ ስርዓት ጥራይ እዩ።
ሉቃ. ፲፮ ፡ ፳፱ ፤ ፳፬ ፡ ፳፯-፵፬ ፤ ዮሃ. ፲፯ ፡ ፲፯ ፤ ገላ. ፩ ፡ ፰-፱ ፤ ፪ይ ጢሞ. ፫ ፡ ፲፮-፲፯ ፤ ፪ይ ጴጥ. ፫ ፡ ፪ ፤ ፲፭-፲፮ ።

ሕቶ 3 መጽሓፍ ቅዱስ ዚምህረና ቀንዲ ነገር እንታይ እዩ?

መልሲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚምህረና ቀንዲ ነገር፡ ሰብ ብዛዕባ ኣምላኽ እንታይ ከም ዚኣምንን፡ ኣምላኽ'ውን ካብ ሰብ እንታይ ኣገልግሎት ከም ዚደልን ይምህረና።

ዮሃ. ፭ ፡ ፴፱ ፤ ፳ ፡ ፴፩ ፤ ፩ይ ዮሃ. ፩ ፡ ፫-፬ ፤ ሮሜ ፲፭ ፡ ፬ ፤ ፩ይ ቆረ. ፲ ፡ ፲፩ ።

ሕቶ 4 አምላኽ እንታይ እዩ ?

መልሲ አምላኽ መንፈስ እዩ ። ብባህሪኡ ፡ ብጥበቡ ፡ ብሓይሉ ፡ ብቅድስናኡ ፡ ብቅንዕናኡ ፡ ብለውሃቱ ፡ ብሓቂ ፡ ዘይውሱን ዘልኣለማዊ እዩ ። ዘፍ. ፲፯ ፡ ፩ ፤ ዘጸ. ፫ ፡ ፲፬ ፤ ፴፬ ፡ ፮-፯ ፤ መዝ. ፺ ፡ ፪ ፤ ፻፵፭ ፡ ፫ ፤ ዮሃ. ፬ ፡ ፳፬ ፤ ሮሜ ፲፩ ፡ ፴፫ ፤ ያእ. ፩ ፡ ፲፯ ፤ ራእ. ፬ ፡ ፰ ።

ሕቶ 5 ብዘይካ ሓደ አምላኽ ካልኦት ኣማልኽቲዶ ኣለዉ ?

መልሲ ሓደ ጥራይ ኣሎ ። ንሱ ኸኣ ህያውን ሓቀኛን ኣምላኽ እዩ ። ዘዳ. ፮ ፡ ፬ ፤ ኤር. ፲ ፡ ፲ ፤ ዮሃ. ፲፯ ፡ ፫ ፤ ፩ይ ቆረ ፰ ፡ ፬ ።

ሕቶ 6 ኣብ መለኮት ክንደይ ኣካላት ኣለዉ ?

መልሰ ኣብ መለኮት ሰለስተ ኣካላት ኣለዉ ፡ ኣብን ፡ ወልድን ፡ መንፈስ ቅዱስን እዮም ። እዞም ሰለስተ ሓደ ኣምላኽ እዮም ። ኩነታቶም ሓደ እዩ ፡ ብሓይልን ብኽብርን ከኣ ማዕረ እዮም ። ማቴ. ፫ ፡ ፲፮-፲፯ ፤ ፳፰ ፡ ፲፱ ፤ ዮሃ. ፩ ፡ ፩-፭ ፡ ፲፰ ፤ ግብ. ፭ ፡ ፫-፬ ፤ ፪ይ ቆረ. ፲፫ ፡ ፲፬ ፤ እብ. ፩ ፡ ፫ ።

ሕቶ 7 ኣምላኽ ን'ኩሉ ነገር ዝወሰነሉ ምኽንያት ስለምንታይ እዩ ?

መልሲ ናይ ኣምላኽ ኣዋጅ ፡ ዘልኣለማዊ ሓሳቡ እዩ ። ብእኡ ፡ ምእንቲ ንኽብረቱ ኪኸውን ፡ ብገዛእ ፍቓዱ ፡ ዝኾነ ነገር ኩሉ ኣቐዲሙ ወሲንዎ እዩ ።

ግብ. ፬ ፡ ፳፫ ፤ ሮሜ ፲፩ ፡ ፴፮ ፤ ኤፌ. ፩ ፡ ፲፩ ።

ሕቶ 8 ኣምላኽ ኣዋጁ በየናይ መገዲ ይፍጽሞ ?

መልሲ ኣምላኽ በቲ ዕዮ ፍጥረትን ሓልዮትን ንኣዋጁ ይፍጽሞ ።

ኢሳ. ፵ ፡ ፳፮ ፤ ዳን ፬ ፡ ፴፭ ፤ ራእ. ፬ ፡ ፲፩ ።

ሕቶ 9 ዕዮ ፍጥረት እንታይ እዩ ?

መልሲ ዕዮ ፍጥረት ማለት ፡ ኣምላኽ ብቃል ሓይሉ ፡ ብሽድሽተ መዓልቲ ካብ ዘይነበረ ኩሉ ፈጠረ ፡ ኩሉ'ውን ጽቡቕ ከነ ።

ዘፍ. ፩ ፡ ፩ - ፴፩ ፤ መዝ. ፴፫ ፡ ፱ ፤ እብ. ፲፩ ፡ ፫ ።

ሕቶ 10 ኣምላኽ ንሰብ ከመይ ገይሩ ፈጠሮ ?

መልሲ ኣምላኽ ንሰብ ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ገይሩ ፡ ብፍልጠትን ፡ ብጽድቅን ፡ ብቅድስናን ፡ ከምመልክዑ ፈጠሮ ፡ ኣብ ልዕሊ ፍጥረት'ውን ስልጣን ሀበ ።

ዘፍ. ፩ ፡ ፳፯ - ፳፰ ፤ ኤፌ. ፬ ፡ ፳፬ ፤ ቆሎ. ፫ ፡ ፲ ።

ሕቶ 11 ዕዮ ሓልዮት ናይ ኣምላኽ እንታይ እዩ ?

መልሰ. ሓልዮት ናይ ኣምላኽ፥ ብቅድስናኡን፥ ብምሉእ ጥበቡን፥ ብምሉእ ስልጣኑን፥ ፍጥረቱን፥ ግብሩን ኩሉ፥ ምግዛኡን፥ ምሕላዩን፥ ማለት እዩ ።

ነህ. ፱ ፥ ፮ ፤ መዝ. ፻፬ ፥ ፳፬ ፤ ፻፵፰ ፥ ፲፯ ፤ ማቴ. ፲ ፥ ፴ ፤ እብ. ፩ ፥ ፫ ።

ሕቶ 12 ኣምላኽ ንሰብ ምስ ፈጠሮ፥ እንታይ እተፈለየ ስራሕ ናይ ሓልዮት ሰርሐ ?

መልሰ. ኣምላኽ ንሰብ ምስ ፈጠሮ፥ ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም፥ ካብ ፍሬኣ ምስ ዚበልዕ ሞት ስለ ዚመውት፥ ከይበልዕ ኣዘዞ። እዚ ትእዛዝ ምስ ዚፍጽም ከኣ፥ ህይወት ኪህቦ ቓል ኪዳን ኣተወሉ ።

ዘፍ. ፪ ፥ ፲፯ ፤ ገላ. ፫ ፥ ፲፪ ።

ሕቶ 13 ቀዳሞት ወለድና ከምቲ ቅድም እተፈጥርዎ ኩነታት ቀጺሎምዶ ?

መልሰ. ቀዳሞት ወለድና ብፍቓዶም ካብ ቅድሚ ኣምላኽ ተፈልዮም ። ኣብ ቅድሚኡ'ውን ሓጢኣት ስለ ዝገበሩ፥ ካብ እተፈጥረሉ ኩነታት ወዲቖም ተዋረዱ ።

ዘፍ. ፫ ፥ ፮ ፤ ሮሜ ፭ ፥ ፲፪ ።

ሕቶ 14 ሓጢኣት እንታይ እዩ ?

መልሰ. ሓጢኣት ንሕጊ ኣምላኽ ዘይምእዛዝ ወይድማ ምፍራስ እዩ ።

ሮሜ ፬ ፡ ፲፭ ፤ ፩ይ ዮሃ. ፫ ፡ ፬ ፤ ያእ. ፪ ፡ ፲ ፤ ፬ ፡ ፲፯ ።

ሕቶ 15 ቀዳሞት ወለድና ካብ እተፈጥሩሉ ኩነታት ኪወድቁ ምኽንያት ዝኾኖም ሓጢኣት እንታይ እዩ ?

መልሲ ቀዳሞት ወለድና ካብ እተፈጥርሉ ኩነታት ክወድቁ ምኽንያት ዝኾኖም ፡ ካብ እቲ እተኸልከለ ፍረ ኦም ብምብላዕ እዩ ።

ዘፍ ፫ ፡ ፲፪ - ፲፫ ።

ሕቶ 16 ኣዳም መጀመርያ ብዝገበሮ ሓጢኣት ፡ ኵሉ ዘርኡ ወዲቑዶ ?

መልሲ ምስ ኣዳም እተገብረ ቃል ኪዳን ፡ ንርእሱ ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ንድሕሪኡ ዝመጹ ዘርኡ' ውን እዩ ዝነበረ ። ስለዚ ፡ ብጀካ የሱስ ክርስቶስ ፡ ካብ ኣዳም ዚውለድ ዘበለ ፡ ብእኡ ስለ ዝሓጥኤ ፡ ምስኡ ወደቐ ።

ዘፍ. ፩ ፡ ፳፰ ፤ ግብ ፲፯ ፡ ፳፮ ፤ ሮሜ ፭ ፡ ፲፪ ፤ ፩ይ ቆረ. ፲፭ ፡ ፳፩ - ፳፪ ።

ሕቶ 17 ውድቀት ኣዳም ንደቂ ሰብ ኣብ እንታይ ኩነታት ኣብጽሖም ?

መልሲ ውድቀት ኣዳም ንደቂ ሰብ ኣብ ሓጢኣትን ሽጋርን ኣብጽሖም ።

ሮሜ ፭ ፡ ፲፪ - ፲፫ ።

ሕቶ 18 ሰብ ምስ ወደቐ እንታይ ክፍኣት በጽሖ ?

መልሲ ውድቀት ሰብ ዘምጽኦ ክፍኣት እዚ ዚስ ዕብ እዩ ፤

ሀ) ናይ እቲ መጀመርያ ሓጢኣት ናይ ኣዳም ገበን ፡

ለ) ናይ መጀመርያ ጽድቂ ምስኣን ፡

ሐ) ብምሉእ ባህሪኡ ምብልሻው ።

እዚ መሰረታዊ ሓጢኣት ይብሃል ። ካብ እዚ ኸኣ ፡ ኵሉ ክፉእ ግብሪ ይወጽእ ።

ማቴ. ፲፭ ፡ ፲፱ ፤ ሮሜ ፭ ፡ ፲፪-፲፱ ፤ ፯ ፡ ፮-፯ ፤ ኤፌ. ፪ ፡ ፩ ።

ሕቶ 19 ሰብ ምስ ወደቐ ፡ እንታይ ሽጋር በጽሖ ?

መልሲ ወዲ ሰብ ምስ ወደቐ ፡ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ሕብረት ኣጥፊኡ ፡ ኣብ ትሕቲ መርገምን ቍጥዓን ናይ ኣምላኽ ኣተወ ። ስለዚ ፡ ኵሉ ሽጋር ናይ እዚ ህይወትን ፡ ሞትን ፡ ስቓይ ገሃነም ክሳዕ ዘልኣለም'ውን ተጓነፎ ።

ዘፍ. ፫ ፡ ፯-፳፬ ፤ ማር. ፱ ፡ ፵፫-፵፰ ፤ ሮሜ ፮ ፡ ፳፫ ፤ ኤፌ. ፪ ፡ ፫ ።

ሕቶ 20 ኣምላኽ ኵሉ ሰብ ብሓጥያትን ብሽጋርን ኪጠፍእዶ ገደፎ ?

መልሲ ኣምላኽ ብጽቡቕ ፍቓዱ ፡ ህዝቡ ናይ ዘል ኣለም ህይወት ምእንቲ ኪወርሱ ፡ ካብ ዘል

ኣለም ስለ ዝመረጸም ፡ ብመድሓኒ ካብ ሓጢ ኣቶምን ሽጋሮምን ከድሕኖም ፡ ናብ ድሕነት ከምጽኦም ፡ ናይ ጸጋ ቃል ኪዳን ኣተወ ።

ዮሐ. ፲፯ ፡ ፫ ፤ ኤፌ. ፩ ፡ ፬ ፤ ቲቶ. ፩ ፡ ፪-፫ ፤ ፫ ፡ ፯ ።

ሕቶ 21 ነቶም ናይ ኣምላኽ ምሩጻት መድሓኒኦም መን እዩ ?

መልሲ ነቶም ናይ ኣምላኽ ምሩጻት መድሓኒኦም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ። ንሱ ናይ ዘልኣለማዊ ወዲ ኣምላኽ ክነሱ ፡ ሰብ ኮነ ። ከምኡ'ውን ፡ ኣምላኽን ሰብን ኰይኑ ምስ ክልቲኡ ባህሪ ንዘልኣለም ሓደ ክርስ ቶስ እዩ ።

ዮሃ. ፩ ፡ ፲፬ ፤ ሮሜ ፱ ፡ ፭ ፤ ቆሎ. ፪ ፡ ፱ ፤ ፩ይ ጢሞ. ፪ ፡ ፭ ፤ እብ. ፲፫ ፡ ፰ ።

ሕቶ 22 ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ክነሱ ፡ ከመይ ኢሉ ሰብ ኮነ ?

መልሲ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ማሕጸን ማርያም ድንግል ተጠ ኒሱ ፡ ብዘይ ሓጢኣት ካብኣ ተወልደ ፡ ሓቀ ኛ ስጋን ነፍስን ብምውሳዱ ሰብ ኮነ ።

ማቴ. ፳፮ ፡ ፴፰ ፤ ሉቃ. ፩ ፡ ፴፭-፴፰ ፤ ፪ ፡ ፶፪ ፤ እብ. ፪ ፡ ፲፬ ፤ ፬ ፡ ፲፭ ።

ሕቶ 23 ክርስቶስ ከም መድሓኒ መጠን ዚገብሮ ስራሓት ኣየናይን እንታይን እዩ?

መልሲ. ክርስቶስ ከም መድሓኒ መጠን፡ ብትሕትናኡን፡ ክብ ብምባሉን፡ ናይ ነብዩን ናይ ካህንን ናይ ንጉስን ስራሕ ይፍጽም ።
መዝ. ፪ ፡ ፮ ፤ ዮሃ. ፩ ፡ ፵፱ ፡ ግብ. ፫ ፡ ፳፪ ፤ እብ. ፭ ፡ ፭-፮ ።

ሕቶ 24 ክርስቶስ ናይ ነብዩ ስራሕ ከመይ ይፍጽሞ?

መልሲ. ክርስቶስ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ንድሕነትና ኢሉ ብቓሉን ብመንፈስ ቅዱሱን፡ ንኣና እናገለጸ፡ ናይ ነብዩ ስራሕ ይፍጽም ።
ዮሃ. ፩ ፡ ፲፰ ፤ ፲፬ ፡ ፳፮ ፤ ፲፮ ፡ ፲፫ ፤ እብ. ፩ ፡ ፩-፲፪ ።

ሕቶ 25 ክርስቶስ ናይ ካህን ስራሕ ከመይ ይፍጽሞ?

መልሲ. ክርስቶስ ናይ ኣምላኽ ቅንዕና ምእንቲ ኪፍጽም፡ ንኣና'ውን ምስ ኣምላኽ ከተዐርቐና ኢሉ፡ ሓደ ጊዜ ርእሱ ሰውኤ፡ ከምኡ'ውን ኵሉ ጊዜ ንኣና ከማልድ ናይ ካህን ስራሕ ይፍጽም ።
ሮሜ ፫ ፡ ፳፭ ፤ ፰ ፡ ፴፬ ፤ ፲ ፡ ፬ ፤ እብ. ፪ ፡ ፲፯ ፤ ፯ ፡ ፳፬-፳፭ ፤ ፱ ፡ ፳፰ ።

ሕቶ 26 ክርስቶስ ናይ ንጉስ ስራሕ ከመይ ይፍጽሞ?

መልሲ. ክርስቶስ ንኣና ተኣዘዝቱ ብምግባርን፡ ንኣ

ና'ውን ብምግዛእን ብምክልኻልን ፡ ጸላእ ቱን ጸላእትናን ብምሓዝን ፡ ብምስዓርን ፡ ና ይ ንጉስ ስራሕ ይፍጽም ።

መዝ. ፻፲ ፣ ፫ ፤ ግብ. ፪ ፥ ፴፮ ፤ ፲፰ ፣ ፱-፲ ።

ሕቶ 27 ናይ ክርስቶስ ትሕት ምባል እንታይ ማለት እዩ ?

መልሲ. ናይ ክርስቶስ ትሕት ምባል ማለት ፡ ከም ሰብ ብምውላድ ፡ ከምኡ'ውን ብዝተዋረደ ፡ ኩነታት ኣብ ትሕቲ ሕጊ ብምኻኑ ፡ ናይዛ ዓለም ሽጋርን ፡ ቁጥዓ ኣምላኽን ፡ ርጉም ሞት ናይ መስቀል ብምፅጋስን ፡ ከምኡ'ውን ብምቕባሩ ፡ ንጊዜኡ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ሞት ብምኻኑ እዩ ።

ኢሳ. ፶፫ ፣ ፫ ፤ ማቴ.፳፯ ፣ ፵፮ ፤ ሉቃ. ፪ ፣ ፯ ፤ ፳፪ ፣ ፵፬ ፤ ፩ይ ቆሮ. ፲፭ ፣ ፫-፬ ፤ ገላ. ፫ ፣ ፲፫ ፤ ፬ ፣ ፬ ፤ ፊል. ፪ ፣ ፯-፰ ፤ እብ. ፲፪ ፣ ፪ ።

ሕቶ 28 ናይ ክርስቶስ ክብ ምባል እንታይ ማለት እዩ ?

መልሲ. ናይ ክርስቶስ ክብ ምባል ማለት ፡ ብሳልሰ ይቲ መዓልቲ ካብ ምዉታት ምትንሳኡን ፡ ናብ ሰማይ ምዕራጉ ፡ ኣብ የማን ኣምላኽ ምቕማጡን ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መጨረስታ መዓልቲ ንዓለም ኪፈርድ ምምጽኡ እዩ ።

ግብ. ፩ : ፲፩ ፤ ፲፯ ፡ ፴፩ ፤ ፩ይ ቆረ. ፲፫ : ፬ ፤
ኤፌ. ፩ : ፳ ።

ሕቶ 29 ናይ እቲ ክርስቶስ ዝገዝኦ ድሕነት ተኻፋ
ልቲ ከመይ ኢልና ኢና ንኸውን ?

መልሲ. ነቲ ክርስቶስ ዝገዝኦ ድሕነት ብምሕዳስ
መንፈስ ቅዱስ ተኻፈልቲ ንኸውን ።
ዮሃ. ፩ : ፲፪ ፤ ፫ ፡ ፭ - ፮ ፤ ቲቶ. ፫ : ፭ - ፮ ።

ሕቶ 30 ነቲ ክርስቶስ ዝገዝኦ ድሕነት መንፈስ ከመ
ይ ገይሩ ይህበና ?

መልሲ. መንፈስ ቅዱስ ፡ እምነት ኣብ ውሽጥና ሰሪ
ሑ ፡ በዚ እምነት ንኣና ምስ ክርስቶስ ብም
ልጋብ ፡ ብድሕነት ዚህብ ጽውዓ ንኣና ብም
ጽዋዕ ፡ ነቲ ክርስቶስ ዝገዝኦ ድሕነት ይህ
በና ።
ኤፌ. ፩ : ፲፫ - ፲፬ ፤ ፬ : ፲፭ - ፲፮ ፤ ገላ. ፪ : ፳ ።

ሕቶ 31 ድሕነት ዚህብ ጽውዓ እንታይ እዩ ?

መልሲ. ድሕነት ዚህብ ጽውዓ ስራሕ መንፈስ ቅዱ
ስ እዩ ። ንሱ በዚ ስራሕ እዚ ፡ ሓጢኣትናን
ሽጋርናን ተገንዚቡ ፡ ንክርስቶስ ክንፈልጥ
ኣእምሮና ኣብሪሁ ፡ ፍቓድና ኣሐዲሱ ፡ እቲ
ብነጻ እተዋህበና ክርስቶስ ክንቅበሎ የረ
ድኣና ።
ህዝ. ፴፮ : ፳፮ - ፳፯ ፤ ዮሃ. ፮ : ፴፯ ፤ ፵፬ ፡ ፵፭ ፤

ግብ. ፪ ፡ ፴፰ ፤ ፵፯ ፡ ፲፫ ፤ ፊል. ፪ ፡ ፲፫ ፤ ፪ይ ተሰ. ፪ ፡ ፲፫ ።

ሕቶ 32 እቶም ብመንፈስ ቅዱስ ጽውዓት ፡ ኣብዚ ህይወት እዚ ዚረኽብዎ በረኸት እንታይ እዩ ?

መልሲ እቶም ብመንፈስ ቅዱስ ጽውዓት ምጽዳቕን ፡ ደቂ ኣምላኽ ምዃንን ፡ ምቕዳስን ፡ ከምኡ'ውን ካብኣቶም ዚኽተል በረኸት ፡ ኣብዛ ህይወት እዚኣ ይረኽቡ ።

ሮሜ ፰ ፡ ፴ ፤ ፩ይ ቆሮ. ፩ ፡ ፴ ፤ ኤፌ. ፩ ፡ ፯ ።

ሕቶ 33 ምጽዳቕ እንታይ ማለት እዩ ?

መልሲ ምጽዳቕ ግብሪ ጸጋ ኣምላኽ እዩ ። ብእኡ ኣምላኽ ኵሉ ሓጢኣትና ይሕድግ እሞ ፡ ኣቕድሚኡ ከም ቅኑዓት ይቕበለና ። እዚ ድማ ምእንቲ እቲ ንኣና እተቈጽረ ጽድቂ ናይ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ። ብእምነት ጥራይ ከኣ ንቕበሎ ።

ሮሜ ፫ ፡ ፳፬ ፤ ፬ ፡ ፭ ፤ ፭ ፡ ፲፰ ፤ ፪ይ ቆሮ. ፭ ፡ ፳፩ ፤ ገላ. ፪ ፡ ፲፮ ፤ ኤፌ. ፩ ፡ ፯ ፤ ፊል. ፫ ፡ ፱ ።

ሕቶ 34 ደቂ ኣምላኽ ተባሂልካ ምጽዋዕ እንታይ ማለት እዩ ?

መልሲ ደቂ ኣምላኽ ተባሂልካ ምጽዋዕ ፡ ኣምላኽ ብጸጋኡ ዚገብሮ ስራሕ እዩ ። ብእኡ ኸኣ ፡

ከም ደቂ የቊጽረና እዩ እሞ ፡ እቲ ንደቁ ዚግባእ መሰል ይህበና ።

ዮሃ. ፩ ፣ ፲፬ ፤ ሮሜ ፰ ፣ ፲፯ ፤ ፩ይ ዮሃ. ፫ ፣ ፩ ።

ሕቶ 35 ምቕዳስ እንታይ ማለት እዩ ?

መልሲ. ምቕዳስ ፣ ኣምላኽ ብጸጋኡ ዚገብሮ ስራሕ እዩ ። ብእኡ ኵሉ ሰብነትና ከም ምስሉ የሐድሰና ፣ ኵሉ መዓልቲ እናወሰኽና ንሓጥያት ክንመውት ፣ ብጽድቅና ክንነብር የኽእለና ።

ሮሜ ፮ ፣ ፮-፲፩ ፤ ፰ ፣ ፱ ፤ ኤፌ. ፬ ፣ ፳፬ ፤ ፩ይ ጴጥ. ፩ ፣ ፲፭ ።

ሕቶ 36 ኣብዛ ዓለም እዚኣ ከሎና ፡ ካብ ምጽዳቕን ፣ ካብ ደቂ ኣምላኽ ምዃንን ፡ ካብ ምቕዳስን ዚኽተል በረኸት ኣየናይ እዩ ?

መልሲ. እቲ ካብ ምጽዳቕን ፣ ካብ ደቂ ኣምላኽ ምዃንን ፡ ካብ ምቕዳስን ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዚርከብ በረኸት ነዚ ዚኽተል ፤

ሀ) ኣምላኽ ከም ዘፍቅረና ምርግጋጽ ፣

ለ) ናይ ሕልና ሰላም ምርካብ ፣

ሐ) ብመንፈስ ቅዱስ ምሕጓስ ፣

መ) ብጸጋ ንዘልኣለም ክሳዕ ፍጻሜ ምብጻሕ እዩ ።

ዮሃ. ፩ ፣ ፲፪ ፤ ሮሜ ፭ ፣ ፩ ፤ ፪ ፣ ፭ ፤ ፲፬ ፣ ፲፯ ፤ ፊል. ፩ ፣ ፮ ፤ ፩ይ ጴጥ. ፩ ፣ ፭ ።

ሕቶ 37 ኣመንቲ ኣብ ጊዜ ሞቶም ካብ ክርስቶስ ዚረኽብዎ በረኸት እንታይ እዩ?

መልሲ ኣብ ጊዜ ሞቶም ፡ ነፍሳት ኣመንቲ ፍጹማት ይኾኑ እሞ ፡ በቲ ጊዜ እቲ ናብ ክቡር ስፍራ ይሐልፍ ። ስጋኦም ከኣ ፡ ምስ ክርስቶስ እተሐሐዝ ስለ ዝኾነ ፡ ክሳዕ መዓልቲ ትንሳኤ ዚኸውን ኣብ ውሽጢ መቓብሮም ይዐርፍ ።

ሉቃ. ፳፫ ፡ ፵፫ ፤ ዮሃ. ፭ ፡ ፳፬ ፤ ግብ. ፯ ፡ ፶፭ ·፶፱ ፤ ፪ይ ቆረ. ፭ ፡ ፰ ፤ ፊል. ፩ ፡ ፳፫ ፤ ፩ይ ተሰ. ፬ ፡ ፲፬ ፤ እብ. ፲፪ ፡ ፳፫ ፤ ራእ. ፲፬ ፡ ፲፫ ፤ ፲፱ ፡ ፰ ።

ሕቶ 38 ብትንሳኤ ጊዜ ፡ ኣመንቲ ካብ ክርስቶስ ዚረኽብዎ በረኸት እንታይ እዩ?

መልሲ ብትንሳኤ ጊዜ ፡ ኣመንቲ ብኽብሪ ካብ ምዉታት ይትንስኡ እሞ ፡ ኣብ መዓልቲ ፍርዲ ካብ ፍርዲ ነጻ ወጺኦም ፡ ብግልጺ ይፍለጡ ፡ ከምኡ'ውን ፍጹም ዝኾነ በረኸት ተቐቢሎም ፡ ናይ ኣምላኽ ምሉእ ደስታ ንዘልኣለም ይወርሱ ።

መዝ. ፲፯ ፡ ፲፭ ፤ ማቴ. ፲ ፡ ፴፪ ፤ ፳፭ ፡ ፴፬ ፤ ፩ይ ቆረ. ፲፭ ፡ ፵፫ ።

ሕቶ 39 ኣምላኽ ካብ ሰብ ዚደልዮ ዕዮ እንታይ እዩ?

መልሰ. ኣምላኽ ካብ ሰብ ዚደልዮ ዕዮ እቲ ግሉጽ ፍቓዱ ምእዛዝ እዩ ።
ዘዳ. ፳፱ ፡ ፳፱ ፤ ፩ይ ሳሙ. ፲፭ ፡ ፳፪ ፤ ሚክ. ፮ ፡ ፰ ፤ ሉቃ. ፲ ፡ ፳፰ ።

ሕቶ 40 ኣምላኽ ናይ ትእዛዝ ስርዓት ኣቐዲሙ ንሰብ እንታይ ገለጸሉ ?

መልሰ. ኣምላኽ ኣቐዲሙ ንሰብ ናይ ትእዛዝ ስርዓት ፡ ናይ ስነ ስርዓት ሕጊ ገለጸሉ ።
ሮሜ ፪ ፡ ፲፬ - ፲፭ ፤ ፲ ፡ ፭ ።

ሕቶ 41 ናይ ስነ ስርዓት ሕጊ ብሓጺሩ ኣበይ ይርከብ?

መልሰ. ናይ ስነ ስርዓት ሕጊ ብሓጺሩ ኣብቲ ዓሰርተ ትእዛዛት ይርከብ ።
ዘዳ. ፲ ፡ ፬ ፤ ማቴ. ፲፱ ፡ ፲፯ ።

ሕቶ 42 ናይ ዓሰርተ ትእዛዝ ጠቕላላ ሓሳብ እንታይ እዩ ?

መልሰ. ናይ ዓሰርተ ትእዛዝ ጠቕላላ ሓሳብ፡ እግዚ ኣብሄር ኣምላኽና ብምሉእ ልብናን፡ ብኹሉ ነፍስናን፡ ብኹሉ ሓይልናን፡ ብኹሉ ሓሳብናን፡ ከምኡ'ውን ንብጻይና ከም ርእስና ክንፍቅሮ እዩ ።
ማቴ. ፳፪ ፡ ፴፯ - ፵ ።

ሕቶ 43 ናይ ዓሰርተ ትእዛዝ መቕድም እንታይ እዩ?

መልሰ. ናይ ዓሰርተ ትእዛዝ መቕድም ፡ ካብ ምድሪ

ግብጺ ፡ ካብ ቤት ባርነት ዘውጻእኩኻ ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እየ ፡ ይብል ።
ዘጸ. ፳ ፡ ፪ ።

ሕቶ 44 ናይ ዓሰርተ ትእዛዝ መቕድም እንታይ ይምህረና ?

መልሲ. ናይ ዓሰርተ ትእዛዝ መቕድም ፡ እግዚኣብሄር ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ስለ ዝኾነ ፡ ትእዛዛቱ ኲሉ ክንሕሉ ከም ዚግብኣና ይምህረና ።
ዘዳ. ፲፩ ፡ ፩ ፤ ፩ይ ጴጥ. ፩ ፡ ፲፯ - ፲፱ ።

ሕቶ 45 ቀዳማይ ትእዛዝ እንታይ ይብል ?

መልሲ. ቀዳማይ ትእዛዝ ፡ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣይሀልዉኻ ፡ ይብል ።
ዘጸ. ፳ ፡ ፫ ።

ሕቶ 46 ኣብቲ ቀዳማይ ትእዛዝ ክንገብሮ ዘድሊ እንታይ እዩ ?

መልሲ. ቀዳማይ ትእዛዝ ፡ እግዚኣብሄር ሓደ ጥራይ ሓቀኛ ኣምላኽን ፡ ኣምላኽናን ምዃኑ ክንፈልጥን ክንምስክርን ፡ ንእኡ ከነምልኾን ከነኽብሮን ይደልየና ።
ዘዳ. ፳፮ ፡ ፲፯ ፤ ፩ይ ዜና. ፳፰ ፡ ፱ ፤ መዝ. ፳፱ ፡ ፪ ፤ ፺፭ ፡ ፮ - ፯ ፤ ማቴ. ፬ ፡ ፲ ።

ሕቶ 47 ኣብ ቀዳማይ ትእዛዝ እተኸልከለ እንታይ እዩ ?

መልሰ. ቀዳማይ ትእዛዝ ፡ ንሱ ሓቀኛ ኣምላኽ ፣ ኣምላኽን ኣምላኽናን ምዃኑ ምኽሓድን ፡ ዘይምምላኽን ፣ ዘይምኽባርን ፣ እቲ ንእኡ ጥራይ ዚግበእ ስግደትን ክብርን ንኻልእት ኣማልኽቲ ኣሕሊፍና ምሀብን ፣ ይኽልክለና ።
መዝ. ፲፬ ፡ ፩ ፤ ፹፩ ፣ ፲፩ ፤ ሮሜ ፩ ፡ ፳ ፣ ፳፩ ፣ ፳፫ ።

ሕቶ 48 ኣብ ቀዳማይ ትእዛዝ ፣ ኣብ ቅድመይ ፣ ዚብል ቃል እንታይ ይምሀረና ?

መልሰ. ኣብ ቀዳማይ ትእዛዝ ፣ ኣብ ቅድመይ ፡ ዚብል ቃል ፣ እግዚኣብሄር ኩሉ ነገር ዚርኢ ስለ ዝኾነ ፣ ካልእ ኣምላኽ ምስ እነምልኽ ፤ ንሱ እዚ ሓጢኣት ይፅዘብ እሞ ፣ ብዙሕ ከም ዚቕየም ይምህረና ።
ዘዳ. ፴ ፣ ፲፯ - ፲፰ ፤ ፩ይ ዜና. ፳፰ ፣ ፱ ፤ መዝ. ፺፬ ፣ ፳ - ፳፩ ፤ ፻፴፱ ፣ ፩ - ፫ ።

ሕቶ 49 ካልኣይ ትእዛዝ እንታይ ይብል ?

መልሰ. ካልኣይ ትእዛዝ ከምዚ ይብል ፣ ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ ፡ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ ፡ ኣብ ማይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ካብ ዘለዉ ፣ ምስልን ስእሊ ዘበለን ንኣኻ ኣይትግበር ። ኣይትስገደሎምን ኣይተገልግሎምን ድማ ፡ ኣነ እግዚኣብሄር

አምላኽካ፡ ቀናእ አምላኽ እየ እሞ፡ ንዚጸ ልኡኒ ሓጢኣት ኣበታት ኣብ ደቂ ክሳዕ ሳል ሳይን ክሳዕ ራብዓይን ወለዶ ዝቐጽዕ፡ ንዚ ፈትዉንን ትእዛዛተይ ንዚሕልዉን ግና ክሳ ዕ ኣሽሓት ምሕረት ዝገብር እየ ።

ዘጸ. ፳ ፡ ፬ - ፮ ።

ሕቶ 50 ኣብ ካልኣይ ትእዛዝ ክንገብሮ ዘድሊ እን ታይ እዩ ?

መልሲ ካልኣይ ትእዛዝ፡ ኣምላኽ ብቓሉ ዝኣዘዞ ስግደትን ስርዓትን ኵሉ ክንቅበሎን ክንእዘ ዞን ብንጽህና ክንሕሉን ይደልየና ።

ዘዳ. ፲፪ ፡ ፴፪ ፤ ፴፪ ፡ ፴፪ - ፵፯ ፤ ማቴ. ፳፰ ፡ ፳ ።

ሕቶ 51 ኣብ ካልኣይ ትእዛዝ እተኸልከለ እንታይ እዩ ?

መልሲ ካልኣይ ትእዛዝ፡ ንኣምላኽ ብስእልን ብም ስልን ወይ ድማ ኣብ ቓሉ ዘይተኣዘዘ መገ ዲ ከይነምልኽ ይኽልክለና ።

ዘዳ. ፬ ፡ ፲፭ ፡ ፲፱ - ፴፩ ፤ ሮሜ ፩ ፡ ፳፪ - ፳፫ ፤ ቈሎ. ፪ ፡ ፲፰ ።

ሕቶ 52 ኣብ ካልኣይ ትእዛዝ እተዋህበ በብዓይነ ቶም ምኽንያት ኣየኖት እዮም ?

መልሲ ኣብ ካልኣይ ትእዛዝ እተዋህበ በብዓይነ ቶም ምኽንያት እዞም ዚኽተሉ እዮም ፤

እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌና ስልጣን ስለ ዘለ
ዎ፥ ንሕና ድማ ገንዘቡ ስለ ዝኾና፥ ቀናእ
ኣምላኽና'ውን ስለ ዝኾነ፥ ንእኡ ጥራይ ከነ
ምልኽ ይግብኦ ።

ዘጸ. ፴፬ ፥ ፲፬ ፤ መዝ. ፵፰ ፥ ፲፩ ፤ ፻ ፥ ፫ ፤ ፩ይ
ቆረ. ፩ ፥ ፳፱ ።

ሕቶ 53 ሳልሳይ ትእዛዝ እንታይ ይብል ?

መልሲ. ሳልሳይ ትእዛዝ፥ እግዚኣብሄር ስሙ ብኸ
ንቱ ንዘልዐለ ከይቀጽዔ ኣይሓድጎን እዩ እ
ሞ፥ ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኸንቱ
ኣይተልዕል ።

ዘጸ. ፳ ፥ ፯ ።

ሕቶ 54 ሳልሳይ ትእዛዝ ክንገብር ዘድሊ እንታይ እዩ?

መልሲ. ሳልሳይ ትእዛዝ፥ ኣስማትን፥ መዓርግን፥ ስር
ዓትን፥ ቃልን፥ ስራሕን ናይ ኣምላኽ፥ ቅዱስ
ጌርና ብኽብሪ ክንሕዞ ይደልየና ።

ዘዳ. ፳፰ ፥ ፶፰ ፤ እዮ. ፴፮ ፥ ፳፬ ፤ መዝ ፳፱ ፥ ፪ ፤
፻፬ ፥ ፳፬ ፤ ፻፴፰ ፥ ፪ ፤ መክ. ፰ ፥ ፩ ፤ ማቴ. ፮ ፥ ፱ ፤
ራእ. ፲፭ ፥ ፫ · ፬ ።

ሕቶ 55 ኣብ ሳልሳይ ትእዛዝ እተኸልከለ እንታይ
እዩ ?

መልሲ. ሳልሳይ ትእዛዝ፥ ኣምላኽ ርእሱ ዚገልጸሉ
ብዝኾነ ይኹን ነገር ከይነርክሶን ከይነባላሽ
ዎን ይኽልክለና ።

ዘሌ. ፲፱ ፥ ፲፪ ፤ ማቴ. ፭ ፥ ፴፫ - ፴፭ ።

ሕቶ 56 ኣብ ሳልሳይ ትእዛዝ እተዋህበ ምኽንያት እንታይ እዩ ?

መልሲ. ኣብ ሳልሳይ ትእዛዝ እተዋህበ ምኽንያት ፥ ነቲ ትእዛዝ ዘፍርስ ኵሉ ፥ ሽሕ እኳ ካብ ናይ ሰብ ቅጽዓት እንተ ኣምለጠ ፤ ካብ ቅኑዕ ፍርዲ ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኪሞልቕ ኣይክእልን እዩ ።

ዘዳ. ፳፫ ፥ ፳፩ - ፳፫ ።

ሕቶ 57 ራብዓይ ትእዛዝ እንታይ ይብል ?

መልሲ. ራብዓይ ትእዛዝ ከምዚ ይብል ፥ መዓልቲ ሰንበት ክትቅድሳ ዘክር ። ሹድሽተ መዓልቲ ዕየ ፡ ተግባርካ ኵሉ ግበር ። እታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ግና ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሰንበት እያ ። ብኣኣ ንስኻን ወድኻን ጓልካን ግዙእካን ግዝኣትካን ማልካን ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ ዚነብር ስደተኛን ገለ እኳ ዕዮ ኣይትዕየ ። እግዚኣብሄር ብሹድሽተ መዓልቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣብታቶም ዘሎ ኵሉን ገይሩ እዩ እሞ ፥ ብሳብዐይቲ መዓልቲ ከኣ ዐረፈ ። ስለዚ እንዚኣብሄር ንመዓልቲ ሰንበት ባረኻን ቀደሳን ።

ዘጸ. ፳ ፥ ፰ - ፲፩ ።

ሕቶ 58 ኣብ ራብዓይ ትእዛዝ ክንገብሮ ዘድሊ እን
ታይ እዩ ።

መልሲ ራብዓይ ትእዛዝ፡ ነቲ ኣምላኽ ብቓሉ ዝወ
ሰኖ ጊዜ ክንቅድሶ፡ ብፍላይ ከኣ ካብተን
ሾብዓተ መዓልቲ ሓንቲ መዓልቲ ቅድስቲ
ሰንበት ክትከውን ክንቅድሳ ይደልየና ።
ዘሌ. ፲፱ ፡ ፴ ፤ ዘዳ. ፭ ፡ ፲፪ ።

ሕቶ 59 ኣምላኽ ካብተን ሾብዓተ መዓልቲ ኣብ ሰ
ሙን ሰንበት ኢሉ ዝመደበ ኣየነይቲ መዓ
ልቲ እያ ?

መልሲ ካብ ፍጥረት ዓለም ጀሚራ ክሳዕ ትንሳኤ
ክርስቶስ፡ ኣምላኽ ናይ ሰሙን ሳብዐይቲ
መዓልቲ ሰንበት ክትከውን መደበ ። ከም
ኡ'ውን ካብ ትንሳኤ ክርስቶስ ንነጀው ፡ ና
ይ ሰሙን ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ክርስት
ያን ሰንበት ክሳዕ መጨረስታ ዓለም ክትከ
ውን ወሰና ።
ዘፍ. ፪ ፡ ፫ ፤ ዘጸ. ፲፮ ፡ ፳፫ ፤ ግብ. ፳ ፡ ፯ ፤ ፩ይ
ቆረ. ፲፮ ፡ ፩-፪ ፤ ራእ. ፩ ፡ ፲ ።

ሕቶ 60 መዓልቲ ሰንበት ከመይ ጌርካ ትቕድስ ?

መልሲ ካልእ መዓልቲ ክስራሕ ዚፍቀድ ፡ ማለት
ናይ ዓለማዊ ስራሕን ጸወታን ብምግዳፍ ፡
ብጠቕላላ ቅዱስ ዕረፍቲ ብምግባር ፡ ብጀካ

ኣድላይን ናይ ርሕራሔ ስራሕን ፡ ምሉእ መዓልቲ ብጸሎትን ንኣምላኽ ምምላኽን ምስ እትሓልፍ ፡ ኵነታት መዓልቲ ሰንበት ትቕድስ ።

ዘሌ. ፳፫ ፡ ፫ ፤ ኢሳ. ፶፰ ፡ ፲፫-፲፬ ፤ ማቴ. ፲፪ ፡ ፲፩-፲፪ ፤ ማር. ፪ ፡ ፳፯ ።

ሕቶ 61 ኣብ ራብዓይ ትእዛዝ እተኸልከለ እንታይ እዩ ?

መልሲ. ኣብ ራብዓይ ትእዛዝ ክንገብሮ ዘይግባእ እ ዚ ዚኽተል እዩ ፡ ስራሕ ሸለል ምባል ወይ ድማ ተጠንቂቕካ ዘይምፍጻም ፡ ከምኡ'ውን ብስንፍና ነታ ቅድስቲ መዓልቲ ምርካስ ፡ ነቲ ንገዛእ ርእሳ ሓጢኣት ዝኾነ ምፍጻም ፡ ምእንቲ ዓለማዊ ስራሕ ወይ ከኣ ጸወታ ዘየድሊ ሓሳብን ቃልን ግብርን ምስራሕ እዩ ።

ሀዝ. ፳፫ ፡ ፴፰ ፤ ኤር. ፲፯ ፡ ፳፩ ፤ ሉቃ. ፳፫ ፡ ፶፮ ።

ሕቶ 62 ንራብዓይ ትእዛዝ እተዋህቡ በብዓይነቶም ምኽንያት እንታይ እዩ ?

መልሲ. ንራብዓይ ትእዛዝ እተዋህቡ በብዓይነቶም ምኽንያት እዞም ዚኽተሉ እዮም ፡ ኣምላኽ ነተን ሾብዓተ መዓልቲ ነናብ ዝግብኤን ከፈለ እሞ ፡ ንኣና ኣብ ሰሙን ሹድሽተ ክንሰርሕ ፈቐደልና ። ነታ ሻብዐይቲ መዓልቲ ግ

ን ብፍላይ ንእኡ ኢልና ከነኽብራ ከም ዚግብኣና ምእንቲ ከረድኣና፡ ገዛእ ርእሱ ዓሪፉ ንሰንበት መዓልቲ ባረኻ ።
ዘፍ. ፪ ፥ ፫ ፤ ዘጸ. ፴፩ ፥ ፲፭ - ፲፯ ፤ ዘሌ. ፳፫ ፥ ፫ ።

ሕቶ 63 ሓምሳይ ትእዛዝ እንታይ ይብል ?

መልሲ. ሓምሳይ ትእዛዝ፡ ኣብቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ዕድሜኻ ምእንቲ ኪነውሕ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ይብል ።
ዘጸ. ፳ ፥ ፲፪ ።

ሕቶ 64 ኣብ ሓምሳይ ትእዛዝ ክንገብሮ ዘድሊ እንታይ እዩ ?

መልሲ. ሓምሳይ ትእዛዝ፡ ልዕል ብምባሉምን፡ ትሕት ብምባሉምን፡ ወይ ድማ ማዕረ ብምኳኖምን፡ ማለት ከከም መዓርጎም ብዝኾነ ብዝተመደበሎም ስፍራን ንብረትን፡ ዚግብኦም ክብርን ምግልጋልን ክንገብረሎም ይደልየና
ዘሌ. ፲፱ ፥ ፴፪ ፤ ሮሜ ፲፪ ፥ ፲ ፤ ፲፫ ፥ ፩ ፤ ኤፌ. ፮ ፥ ፩ ፥ ፭ ፥ ፱ ፤ ፩ይ ጴጥ. ፪ ፥ ፲፯ ።

ሕቶ 65 ኣብ ሓምሳይ ትእዛዝ እተኸልከለ እንታይ እዩ ?

መልሲ. ሓምሳይ ትእዛዝ ማንም ንዝኾነ ብዝተመደበሉ ስፍራን ንብረትን ክብረትን ኣገልግሎትን ሸለልትነት ከይህልወና፡ ወይ ድማ ኣንጻር ከይንኸይድ ይኸልክለና ።

ሮሜ ፲፪ ፡ ፯-፰ ።

ሕቶ 66 ኣብ ሓምሳይ ትእዛዝ እተዋህበ ምኽንያት እንታይ እዩ ?

መልሲ ኣብ ሓምሳይ ትእዛዝ እተዋህበ ምኽንያት ፡ ንኣምላኽ ክብርን ፡ ንርእሶም ጥቕምን ፡ በዘ ገልግልዎ መጠን ፡ ነዚ ትእዛዝ ዚሕልዎ ዀሎም ነዊሕ ዕድመን ሃብትን ተስፋ ከም ዚ ወሀቦም እዩ ።

ኤፌ. ፮ ፡ ፪-፫ ።

ሕቶ 67 ሻድሻይ ትእዛዝ እንታይ ይብል ?

መልሲ ሻድሻይ ትእዛዝ ፡ ኣይትቕተል ፡ ይብል ።

ዘጸ. ፳ ፡ ፲፫ ።

ሕቶ 68 ኣብ ሻድሻይ ትእዛዝ ክንገብሮ ዘድሊ እን ታይ እዩ ?

መልሲ ሻድሻይ ትእዛዝ ፡ ሕጊ ዚፈቕደሉ መገዲ ዀሉ ፡ ህይወትናን ህይወት ካልኦትን ክን ሕሉ ይደልየና ።

መዝ. ፻፪ ፡ ፫-፭ ፤ ኤፌ. ፭ ፡ ፳፱-፴ ።

ሕቶ 69 ኣብ ሻድሻይ ትእዛዝ እተኸልከለ እንታይ እዩ ?

መልሲ ሻድሻይ ትእዛዝ ፡ ንርእስና ወይ ድማ ንብ ጻትና ብዘይ ኣገባብ ህይወቶም ከይነጥፍእ በዚ ድማ ናብ ጥፍኣት ዚመርሕ ዝኾነ ነገር ከይንገብር ይኽልክለና ።

ዘፍ· ፱ ፡ ፮ ፤ ዘዳ· ፳፬ ፡ ፮ ፤ ምሳሌ ፳፬ ፡ ፲፩-፲፪ ፤ ግብ· ፲፮ ፡ ፳፰ ፤ ፩ይ ዮሃ· ፫ ፡ ፲፭ ።

ሕቶ 70 ሻብዐይ ትእዛዝ እንታይ ይብል ?

መልሲ ሻብዐይ ትእዛዝ ፡ ኣይትዘሙ ፡ ይብል ።

ዘጸ· ፳ ፡ ፲፬ ።

ሕቶ 71 ኣብ ሻብዐይ ትእዛዝ ክንገብሮ ዘድሊ እንታይ እዩ ?

መልሲ ሻብዐይ ትእዛዝ ፡ ንርእስናን ፡ ንብጾትናን ፡ ብልብና ኮነ ብኣዘራርባና ሓሉ ፡ ብንጽህና ክንሕሎ ይደልየና ።

ኤፈ· ፬ ፡ ፳፱ ፤ ፭ ፡ ፲፩-፲፪ ፤ ፩ይ ተሰ· ፬ ፡ ፬ ፤ ፪ይ ጢሞ· ፪ ፡ ፳፪ ፤ ፩ይ ጴጥ· ፫ ፡ ፪ ።

ሕቶ 72 ኣብ ሻብዐይ ትእዛዝ እተኸልከለ እንታይ እዩ ?

መልሲ ሻብዐይ ትእዛዝ ፡ ብፍትወት ስጋ ዚግበር ሓሳብን ፡ ቃልን ፡ ግብርን ከይንስዕብ ይኸልክለና ።

ማቴ ፭ ፡ ፳፰ ፤ ኤፈ· ፭ ፡ ፫-፬ ።

ሕቶ 73 ሻሙናይ ትእዛዝ እንታይ ይብል ?

መልሲ ሻሙናይ ትእዛዝ ፡ ኣደትስረቕ ፡ ይብል ።

ዘጸ· ፳ ፡ ፲፭ ።

ሕቶ 74 ኣብ ሻሙናይ ትእዛዝ ክንገብሮ ዘድሊ እንታይ እዩ ?

መልሰ. ሻሙናይ ትእዛዝ ፡ ናትና ኮነ ወይስ ናይ ካልኦት ሃብትን ምድራዊ ናብራን ፡ ሕጊ ብዝፈቕዶ መገዲ ክንሕዝን ክንንሰፋፍሕን ይደልየና ።

ዘሌ. ፳፫ ፡ ፴፫ ፤ ዘዳ. ፲፫ ፡ ፲ ፤ ሞሳ. ፳፪ ፡ ፳፫ ።

ሕቶ 75 ኣብ ሻሙናይ ትእዛዝ እተኸልከለ እንታይ እዩ ።

መልሰ. ሻምናይ ትእዛዝ ፡ ናትና ወይ ናይ ብጾትና ዝኾነ ሃብትን ምድራዊ ናብራን ፡ ብዘይ ኣገባብ ብዝኾነ ከይነሰናኽል ይኽልክለና ።
ምሳ. ፳፰ ፡ ፲፱ ፤ ኤፌ. ፬ ፡ ፳፰ ፤ ፩ይ ጢሞ. ፮ ፡ ፲ ፤ ያእ. ፭ ፡ ፬ ።

ሕቶ 76 ታሽዓይ ትእዛዝ እንታይ ይብል ?

መልሰ. ታሽዓይ ትእዛዝ ፡ ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር ፡ ይብል ።
ዘጸ. ፳ ፡ ፲፮ ።

ሕቶ 77 ኣብ ታሽዓይ ትእዛዝ ክንገብሮ ዘድሊ እንታይ እዩ ?

መልሰ. ታሽዓይ ትእዛዝ ፡ ብፍላይ ኣብ ምስክርነትና ኣብ መንጎ ሰባት ሓቂ ክንሕልውን ክነስፋሕፍሕን ፡ ከምኡ'ውን ናይ ርእስናን ናይ ብጾትናን ጽቡቕ ስም ክንኽብር ይደልየና ።
ምሳ. ፲፬ ፡ ፭ ፡ ፳፭ ፤ ግብ. ፳፭ ፡ ፲ ፤ ኤፌ. ፬ ፡ ፳፭ ፤ ፩ይ ጴጥ. ፫ ፡ ፲፮ ፤ ፫ይ ዮሃ. ፲፪ ።

ሕቶ 78 ኣብ ታሽዓይ ትእዛዝ እተኸልከለ እንታይ እዩ ?

መልሲ ኣብ ታሽዓይ ትእዛዝ፥ ንሓቂ ዘሰናኽል ፡ ወይ ድማ ናትናን ወይ ናይ ብጾትናን ጽቡቕ ስም ዚጐድእ ነገር ኵሉ ከይንገብር ይኽልክለና ።

ዘሌ. ፲፱ ፥ ፲፮ ፤ መዝ. ፲፬ ፥ ፫ ፤ ፲፭ ፥ ፫ ፤ ፪ይ. ቆረ. ፲፪ ፥ ፳-፳፩ ፤ ቈሎ. ፫ ፥ ፰ ።

ሕቶ 79 ዓስራይ ትእዛዝ እንታይ ይብል ?

መልሲ ዓስራይ ትእዛዝ ከምዚ ይብል ፡ ቤት ብጻይካ ኣይትተምነ ። ሰበይቲ ብጻይካ፥ ግዝኡ፥ ግዝእቱ፥ ብዕራዩ፥ ኣድጉ፥ ገንዘብ ብጻይካ ዘበለ ኵሉ ድማ ኣይትተምነ ።

ዘጸ. ፳ ፥ ፲፯ ።

ሕቶ 80 ኣብ ዓስራይ ትእዛዝ ክንገብሮ ዘድሊ እንታይ እዩ ?

መልሲ ዓስራይ ትእዛዝ ብንነብሮ ናብራ ምእርናብ፥ ከምኡ'ውን ብጻይና ምስ ኵሉ ናብራኡ ብቕንዕናን ብለዋህ መንፈስን ክንምልከት ይደልየና ።

ዘሌ. ፲፱ ፥ ፲፫ ፤ ኢዮ. ፴፩ ፥ ፳፱ ፤ ፩ይ ቆረ. ፲፫ ፥ ፬-፮ ፤ ፩ይ ጢሞ. ፮ ፥ ፮ ፤ እብ. ፲፫ ፥ ፭ ።

ሕቶ 81 ኣብ ዓስራይ ትእዛዝ እተኸልከለ እንታይ እዩ ?

**መልሲ** ዓስራይ ትእዛዝ፡ ኣብ ናብራና ዘይምሕጓስ ከይህልወና፡ ብናይ ብጾትና ዕድል'ውን ከይ ንቐንእን ከይንሓዝንን፡ ከምኡ'ውን ብዘይ ግቡእ ምምናይ ናይ ብጾትና ናብራ ከይን ደሊ ይኸልክለና ።

፩ይ ቆረ. ፲ ፡ ፲ ፤ ገላ. ፭ ፡ ፳፮ ፤ ቆሎ. ፫ ፡ ፭ ።

**ሕቶ 82** ትእዛዝ ኣምላኽ ብፍጹም ኪሕሉ ዚኽእል ሰብዶ ኣሎ ?

**መልሲ** ኣዳም ካብ ዚወድቕ ጊዜ ጀሚሩ፡ ኣብዛ ህይወት እዚኣ ኵሉ ሰብ፡ ብጀካ የሱስ ክርስቶስ ብሓሳብ፡ ብቓል፡ ብግብሪ ንትእዛዝ ኣምላኽ በብዕለቱ ደኣ ይጥሕስን ይሰብርን እምበር፡ ብፍጹም ዚሕሉ ወይ ብፍጹም ኪሕሉ ዚኽእል የልቦን ።

፩ይ ነገ. ፰ ፡ ፵፮ ፤ ሮሜ ፫ ፡ ፱-፲ ፤ ፩ይ ዮሃ. ፩ ፡ ፰ ፡ ፪ ፡ ፮ ፤ ያእ. ፫ ፡ ፪ ።

**ሕቶ 83** ሕጊ ምፍራስ ኵሉ ብኽፍኣት ሓደ ድዩ ?

**መልሲ** ገሊኦም ሓጢኣት ንርእሶም፡ ወይ ንእኦም ደጋጊምና ምስ እንኽተል፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ካብ ካልኦት ኣዝዮም ክፍኣት እዮም

መዝ. ፲፱ ፡ ፲፫ ፤ ማቴ. ፲፩ ፡ ፳፬ ፤ ሉቃ. ፲፪ ፡ ፲ ፤ ፵፯ ፡ ፵፰ ፤ ዮሃ. ፲፱ ፡ ፲፩ ፤ እብ. ፲ ፡ ፳፱ ።

**ሕቶ 84** ንዝኸነ ሓጢኣት እንታይ ይግብኦ ?

መልሲ. ኣብዛ ዓለም ከነ ኣብታ እትመጽእ ፡ ንዝኾነ ሓጢኣት ቁጥዓን መርገምን ናይ ኣምላኽ ይግብኦ ።
ማቴ. ፳፮ ፡ ፳፰ ፤ ገላ. ፫ ፡ ፲ ፤ ኤፌ. ፩ ፡ ፯ ፤ ያእ. ፪ ፡ ፲ ።

ሕቶ 85 ካብታ ንሓጢኣት እትግባእ ናይ ኣምላኽ ቁጥዓን መርገምን ምእንቲ ከነምልጥሲ ፡ እንታይ ክንገብር የድልየና ?

መልሲ. ካብታ ንሓጢኣት እትግባእ ናይ ኣምላኽ ቁጥዓን መርገምን ምእንቲ ከነምልጥ ፡ ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስ ክንኣምን ፡ ናብ ህይወት ዚመርሕ ንስሓ ክኣ ክንሳሕ ፡ ክርስቶስ ናይ ድሕነት በረኸት ዚህበና መገዲ ኵሉ ድማ ብትግሃት ክንፍጽም የድልየና ።
ግብ. ፳ ፡ ፳፩ ፤ ፩ይ ጢሞ. ፩ ፡ ፲፭ ፤ እብ. ፪ ፡ ፫ ፤ ፪ይ ጴጥ. ፩ ፡ ፲ ።

ሕቶ 86 ብየሱስ ክርስቶስ ምእማን እንታይ ማለት እዩ ?

መልሲ. እምነት ካብ ኣምላኽ ዚርከብ ናይ ድሕነት ጸጋ እዩ ። ብክርስቶስ ምእማን ማለት ፡ ክርስቶስ ብወንጌል ከም እተገልጸልና ንእኡ ተቐቢልና ፡ ብእኡ ጥራይ ክንኣምን ፡ ኣብ ክርስቶስ ምዕራፍ ማለት እዩ ።

ዮሃ. ፩ ፡ ፲፪ ፤ ግብ. ፲፮ ፡ ፴፩ ፤ ገላ. ፪ ፡ ፲፮ ፤ ፊል. ፫ ፡ ፱ ፤ እብ. ፲ ፡ ፴፱ ፤ ራእ. ፳፪ ፡ ፲፯ ።

ሕቶ 87 ናብ ህይወት ዚመርሕ ንስሓ እንታይ ማለት እዩ ?

መልሲ ናብ ህይወት ዚመርሕ ንስሓ ካብ ኣምላኽ ዚርከብ ናይ ድሕነት ጸጋ እዩ ። ብእኡ ሓጢኣተኛ ይናዘዝ፡ ማለት ንሱ ሓጢኣትን፡ ምእንቲ የሱስ ክርስቶስ እተወሀበ ናይ ኣምላኽ ምሕረትን ተገንዚቡ፡ ንሓጢኣቱ ይሐዝን፡ ነቲ ናይ ሓጢኣት ዚገብር’ውን ይጸልእ፤ ካብ ሓጢኣቱ ናብ ኣምላኽ ይምለስ እሞ፡ ከም ብሓድሽ ኪእዘዝ ብምሉእ ልቡ ይደሊ ማለት እዩ ።

ኤር. ፴፩ ፡ ፲፰-፲፱ ፤ ሉቃ. ፩ ፡ ፸፯-፸፱ ፤ ግብ. ፪ ፡ ፴፯ ፤ ሮሜ ፮ ፡ ፲፰ ፤ ፪ይ ቆረ. ፯ ፡ ፲ ።

ሕቶ 88 ክርስቶስ ነቲ ናይ ድሕነት በረኸት ዚህበና ስርዓታዊ መገዲ እንታይ እዩ ?

መልሲ ክርስቶስ ነቲ ናይ ድሕነት በረኸት ዚህበና ስርዓታዊ መገዲ ኸምዚ ዚኸተል እዩ፡ ስርዓታቱ፡ ብፍላይ ከኣ ቃል ኣምላኽን ምስጢራት ክርስትያንን ጸሎትን እዩ ። እዚ ኹሉ ነቶም ሕሩያት ንድሕነቶም ይጠቕሞም።

ማቴ. ፳፰ ፡ ፲፰-፳ ፤ ግብ. ፪ ፡ ፵፩-፵፪ ።

ሕቶ 89 ቃል ኣምላኽ ንድሕነት ከመይ ይጠቅም ?

መልሲ ቃል ኣምላኽ ምንባብ፡ ብፍላይ ግና ም ስባኽ ቃሉ ፡ ንሓጢኣተኛታት ኪረድኦም እሞ ፡ ኪመልሶም ፡ ከምኡ'ውን ብእምነት ናብ ድሕነት ኪመርሖም ፡ ብቅድስናን ብም ጽንናዕን ኬበርትዖም ክእለት ዘለዎ መገዲ ይገብረሎም እዩ ።

ነህ. ፰ ፡ ፰ ፤ መዝ. ፲፱ ፡ ፯ ፤ ግብ. ፳ ፡ ፴፪ ፤ ሮሜ ፲፭ ፡ ፬ ፤ ፪ይ ጢሞ. ፫ ፡ ፲፭ ፤ ያእ. ፩ ፡ ፳፩ ።

ሕቶ 90 ቃል ኣምላኽ ንድሕነትና ምእንቲ ኪጠቅም ከመይ ጌርና ክንሰምዖን ክነንብቦን ይግብ ኣና ?

መልሲ ቃል ኣምላኽ ንድሕነትና ምእንቲ ኪጠቅም ብትግሃትን ብምድላውን ብምጽላይን ክን ምሀሮ ፡ ብእምነትን ብፍቕርን ክንቅበሎ ፡ ኣብ ልብና ክነንብሮ ፡ ኣብ ናብራና'ውን ክን ፍጽሞ ይግብኣና ።

ዘዳ ፮ ፡ ፮-፯ ፤ መዝ. ፻፲፱ ፡ ፲፩ ፤ ሮሜ ፩ ፡ ፲፮ ፤ ፪ይ ተሰ. ፪ ፡ ፩ ፤ ፩ይ ጴጥ. ፪ ፡ ፩-፪ ፤ ያእ. ፩ ፡ ፳፭ ፤ መዝ. ፻፲፱ ፡ ፲፰ ።

ሕቶ 91 ናይ ክርስትያን ምስጢራት ንድሕነትና ከ መይ ይጠቅም ?

መልሲ ናይ ክርስትያን ምስጢራት ብበረኸት ክርስ

ቶስን ብእምነትን ንዝተቐበልዎ ኣብ ውሽጦም ብዚሰርሕ መንፈስ ቅዱስ ጥራይ ደኣ ይጠቅም እምበር ፡ ኣብቲ ኣገልጋሊ ምስጢራት ዘሎ ሓይሊ ወይ ሕያውነት ኣይኮነን ።

ግብ. ፰ ፥ ፲፫-፳፫ ፤ ሮሜ ፪ ፥ ፳፰-፳፱ ፤ ፩ይ ቆረ. ፲፪ ፥ ፲፫ ፤ ፩ይ ጴጥ. ፫ ፥ ፳፩ ።

ሕቶ 92 ናይ ክርስትያን ምስጢር እንታይ ማለት እዩ?

መልሲ. ምስጢራት ናይ ክርስትያን ማለት ፡ ብክርስቶስ እተሰርዔ ቅዱስ ስርዓት እዩ ። ብእኡ ብስምዒት ምልክታት ፡ ክርስቶስን ናይ ሓድሽ ኪዳን በረኸትን ንኣመንቲ ይሕተመሎምን ይወሀቦምን እዩ ።

ማቴ. ፳፰ ፥ ፲፱ ፤ ፳፮ ፥ ፳፮-፳፰ ፤ ሮሜ ፬ ፥ ፲፩ ።

ሕቶ 93 ናይ ሓድሽ ኪዳን ምስጢራት ኣየኖት እዮም ?

መልሲ. ናይ ሓድሽ ኪዳን ምስጢራት ፡ ጥምቀትን ድራር ጐይታን እዮም ።

ግብ. ፲ ፥ ፵፯-፵፰ ፤ ፩ይ ቆረ. ፲፩ ፥ ፳፫-፳፮ ።

ሕቶ 94 ጥምቀት እንታይ እዩ ?

መልሲ. ጥምቀት ብስም ኣብን ወድን መንፈስ ቅዱስን ብማይ ምሕጻብ እዩ ። ብእኡ ንሕና ንክርስቶስ ከብ እተኸተልና ፡ ናይ ጸጋ ኪዳን በረኸት ተኻፈልቲ ከም ዝኾና ፡ ናይ ጐይታ

ንምኽን ከም እተዋዐዐልና ፡ ዜመልክትን ዚሕትምን ምስጢር እዩ ።

ማቴ. ፳፰ ፡ ፲፱ ፤ ሮሜ ፮ ፡ ፫ - ፬ ፤ ገላ. ፫ ፡ ፳፯ ።

ሕቶ 95 ጥምቀት ንመን ኪወሀብ ተሐገገ ?

መልሲ ነቶም ካብ ቤተ ክርስትያን ወጻኢ ዝኾኑ ፡ ብክርስቶስ ከም ዚኣምኑን ፡ ንእኡ ከም ዚእ ዘዙን ክሳዕ ዚምስክሩ ፡ ጥምቀት ኪወሀቦም ኣይግባእን ። እንተኾነ ግን ፡ ቈላው ደቂ ማሕበር ናይ ቤተ ክርስትያን ዝኾኑ ኪጥመቑ ይግባእ ።

ዘፍ. ፲፯ ፡ ፯ - ፲ ፤ ግብ. ፪ ፡ ፴፰ - ፴፱ ፤ ፲፮ ፡ ፴፫ - ፴፬ ፤ ፲፰ ፡ ፰ ፤ ፩ይ ቆሮ. ፯ ፡ ፲፬ ።

ሕቶ 96 ድራር ጐይታ እንታይ እዩ ?

መልሲ ድራር ጐይታ ፡ ክርስቶስ ከም ዝመደቦ ፡ እንጌራን ወይንን ብምሀብን ብምቕባልን ፡ ሞቱ ዘርኢ ምስጢር እዩ ። ነቶም ኪቕበሉ ዚግብኦም ከም ዓለማዊ ስጋ ዘይኮነስ ፡ ብእምነትን ጸጋን ምእንቲ ኪዐብዩ ፡ መንፈሳዊ መግቢ ይኹኖም እሞ ፡ ካብ ናይ ክርስቶስ ስጋን ደምን በረኸት ይካፈሉ ።

ግብ. ፪ ፡ ፵፪ ፤ ፩ይ ቆሮ. ፲ ፡ ፲፮ ፤ ፲፩ ፡ ፳፫ - ፳፮ ።

ሕቶ 97 ድራር ጐይታ ብግቡእ ኪቕበሉ ዚደልዩ እንታይ ኪገብሩ የድልዮም ?

መልሲ. ድራር ጐይታ ብግቡእ ኪቕበሉ ዚደልዩ፤ ስጋ ጐይታ ንምፍላጥ፡ ካብኡ ኪምገቡ እም ነት ከም ዘለዎም፡ ከምኡ'ውን ንስሓን ፍቕ ርን ሓድሽ ምእዛዝን ከም ዘለዎም፡ ርእሶም ኪምርምሩ የድልዮም ። እንተ ዘይኮነ፡ ብዘ ይ ግብኦም መጺኦም፡ ፍርዲ ከይበልዑ ይጠንቀቑ ።

ሮሜ ፯፡ ፲፯-፲፰፤ ፩ይ ቆረ. ፭፡ ፯-፰፤ ፲፩፡ ፳፯-፴፪ ።

ሕቶ 98 ጸሎት እንታይ እዩ ?

መልሲ. ጸሎት፡ ሓጢኣትና ንኣምላኽ ተናዚዝና፤ ስለ ለውሃቱ ኣመስጊና፡ ምስ ፍቓድ ኣም ላኽ እተሰማምዔ ድልየትና ናብኡ ብስም ክርስቶስ ምቕራብ እዩ ።

መዝ. ፲፡ ፲፯፤ ፻፵፭፡ ፲፱፤ ዮሃ. ፲፮፡ ፳፫፤ ፊል. ፬፡ ፮፤ ፩ይ ዮሃ. ፩፡ ፱፤ ፭፡ ፲፬ ።

ሕቶ 99 ኣምላኽ ብጸሎት እነምርሐሉ ከመይ ዝኣ መሰለ ስርዓት ሂቡና ኣሎ ?

መልሲ. ምሉእ ቃል ኣምላኽ ናብ ጸሎት ንምምራሕ ዚጠቅም እዩ ። ብፍላይ ግና፡ በይኑ ዝኾነ ናይ ኣምላኽ መምርሒ ስርዓት፡ ክርስቶስ ንደቂ መዛሙርቱ ዝመሀሮም ጸሎት ኣቡና እተባህለ እዩ ።

መዝ. ፻፲፱ ፡ ፻፸ ፤ ማቴ. ፮ ፡ ፱-፲፫ ፤ ፪ይ ጢሞ. ፫ ፡ ፲፮-፲፯ ፤ ፩ይ ዮሃ. ፭ ፡ ፲፬ ።

ሕቶ 100 ናይ ጸሎት ኣቦና መቅድም እንታይ ይምህረና ?

መልሲ. መቕድም ጸሎት ኣቦና ፡ ኣብ ሰማይ እትነብር ኣቦና ፡ ይብል ። እዚ ድማ ፡ ቈልዑ ናብ ኣቦኦም ከም ዚቐርቡ ፡ ብዅሉ ኪረድኣና እተዳለወን ዚኽእልን ምዃኑ ተረዲእና ፡ ብቅዱስ ትሕትናን ብእምነትን ናብ ኣምላኽ ክንቀርብ ፡ ምስ ካልኦት ከኣ ክንጽሊ ፡ ንኻልኣት'ውን ክንጽልየሎም ይምህረና ።

ሉቃ. ፲፩ ፡ ፲፫ ፤ ሮሜ ፰ ፡ ፲፭ ፤ ኤፌ. ፮ ፡ ፲፰ ፤ ፩ይ ጢሞ. ፪ ፡ ፩-፪ ።

ሕቶ 101 ኣብ መጀመሪያ ልማኖ እንታይ ኢልና ንጽሊ ?

መልሲ. ኣብ መጀመሪያ ልማኖ ፡ ስምካ ይቐደስ ፡ እንብል ፡ ኣብ ዅሉ ስሙ እተገልጸሉ ከነኽብሮ ፡ ንርእስናን ንኻልኦትን ክእለት ኪህበና ፡ ከምኡ ከኣ ዝኾነ ነገር ንኽብረቱ ኪዳሎ ንጽሊ ።

መዝ. ፹፮ ፡ ፩-፫ ፤ ሮሜ ፲፩ ፡ ፴፮ ፤ ራእ. ፬ ፡ ፲፩ ።

ሕቶ 102 ኣብ ካልኣይ ልማኖ እንታይ ኢልና ንጽሊ ?

መልሲ አብ ካልኣይ ልማኖ፡ መንግስትኻ ትምጻእ፡ እንብል፡ መንግስቲ ሰይጣን ኪጠፍእ፡ ናይ ጸጋ መንግስቲ ምድሓን ኪቐንዕ፡ ንሕናን ካልኦትን ናብኡ ክንቀርብ፡ ብእኡ ከኣ ክን ሕሎ፡ መንግስቲ ክብሪ ኪቀጠን ንጽሊ ።

መዝ. ፳፰ ፡ ፩ ፤ ማቴ ፱ ፡ ፴፯-፴፰ ፤ ሮሜ. ፲ ፡ ፩ ፤ ፪ይ ተሰ. ፫ ፡ ፩ ፤ ራእ. ፳፪ ፡ ፳ ።

ሕቶ 103 አብ ሳልሳይ ልማኖ እንታይ ኢልና ንጽሊ?

መልሲ አብ ሳልሳይ ልማኖ፡ ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን እን ብል፡ መላእኽቲ ኣብ ሰማይ ዚገብርዎ ዅሉ ብዝኾነ ነገር ፍቓዱ ክንፈልጥን፡ ክንእዘ ዝን፡ ርእስና'ውን ከነግዝኦ፡ ኣምላኽ ብጸ ጋኡ ከኽእለና ንጽሊ ።

መዝ. ፻፫ ፡ ፳-፳፩ ፤ ፻፲፱ ፡ ፴፬-፴፮ ፤ ማቴ. ፳፮ ፡ ፴፱ ፤ ግብ. ፳፩ ፡ ፲፬ ፤ ፊል. ፩ ፡ ፱-፲፩ ።

ሕቶ 104 አብ ራብዓይ ልማኖ እንታይ ኢልና ንጽሊ?

መልሲ አብ ራብዓይ ልማኖ፡ ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሀበና፡ እንብል፡ ብኣምላኽ ነጻ ሂያብ ናይ እዛ ዓለም ጽቡቕን ብቑዕን ዝኾነ ብጽ ሒት መታን ክንቅበል፡ ምስኡ ድማ ብበ ረኸት ክንሕጐስ ንጽሊ ።

ምሳ. ፲ ፡ ፳፪ ፤ ፴ ፡ ፰-፱ ፤ ፩ይ ጢሞ ፮ ፡ ፮-፰ ።

ሕቶ 105 ኣብ ሓምሳይ ልማኖ እንታይ ኢልና ንጽሊ 9

መልሲ ኣብ ሓምሳይ ልማኖ ፡ ንሕና ንዝበደሉና ከም ዝሓደግናሎም ፡ በደልና ሕደገልና ፤ እንብል ኣምላኽ ስለ ክርስቶስ ኢሉ ፡ ኵሉ ሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና ኢልና ንጽሊ ። ብጸጋ ኣምላኽ ንሕና ንኻልኦት ካብ ልብና ይቕረ ንምባል ስለ ዘኽእለና ፡ እዚ ልማኖ ክንብል ንደፍር ።

መዝ. ፶፩ ፡ ፩ ፤ ፪ ፡ ፯ ፤ ማቴ. ፲፰ ፡ ፴፭ ፤ ማር. ፲፩ ፡ ፳፭ ።

ሕቶ 106 ኣብ ሻድሻይ ልማኖ እንታይ ኢልና ንጽሊ ?

መልሲ ኣብ ሻድሻይ ልማኖ ፡ ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር ፡ ኣብ ፈተና ኣይተእትወና ፡ እንብል ኣምላኽ ካብ ፈተና ሓጢኣት ኪሕልወና ፡ ወይ ድማ ክንፍተን ከሎና ኪድግፈናን ከድሕነናን ንጽሊ ።

መዝ. ፲፱ ፡ ፲፫ ፤ ማቴ. ፳፮ ፡ ፵፩ ፤ ዮሃ. ፲፯ ፡ ፲፭ ፤ ፩ይ ቆሮ. ፲ ፡ ፲፫ ።

ሕቶ 107 ናይ ጸሎት ኣቦና መፈጸምታ እንታይ ይምህረና ?

መልሲ ናይ ጸሎት ኣቦና መፈጸምታ ፡ መንግስትን ፡ ሓይልን ፤ ክብርን ንዘለኣለም ናትካ እዩ እሞ ኣሜን ፡ እዩ ። እዚ ናይ ጸሎትና ድፍረት

ካብ ኣምላኽ ጥራይ ክንቅበል ፣ ብጸሎትና' ውን ክንውድሶ ፣ ከምኡ'ውን መንግስትን ፣ ሓይልን ፣ ክብርን ንእኡ ክንህቦ ይምህረና ። ከምኡ'ውን ጸሎትና ኪሰምዕ ብርግጽ ተስፋና ምኽኑ ንምምስካር ፣ ኣሜን ኢልና ንጽሊ ።

፩ይ ዜና. ፳፱ ፥ ፲፩-፲፫ ፤ ዳን. ፱ ፥ ፲፰-፲፱ ፤ ፩ይ ቆረ. ፲፬ ፥ ፲፮ ፤ ፊል. ፬ ፥ ፮ ፤ ራእ. ፳፪ ፥ ፳-፳፩ ።